Action For Refugees In Lewisham

**ADVICE & ADVOCACY SERVICE**

advice quality standard

# MAXIMISATION

# መሰልኩም ፍለጡ

**BOOKLET**

ብዛዕባ ማክሲማይዘሽን ዝምልከት ዘለኩም መሰል ንምፍላጥ ዝሕግዝ ትርጉም ሓበሬታ



በይንኹም ዲኹም ትነብሩ? ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ምስ ካልኦት ሰባት ክትካፈሉ (ክትነብሩ) ተሓቲትኩም ትፈልጡ ዶ ? ወይ ትካፈሉ ኣለኹም ዶ? ብዛዕባ መሰላትኩም ምኽሪ የድልየኩም ድዩ?

ብዛዕባ ስራሕና ዝያዳ ፍለጡ

**HTTPS://WWW.AFRIL.ORG.UK/ADVICE-ADVOCACY/**

Action For Refugees In Lewisham

# ማክሲማይዘሽን እንታይ እዩ?

ማክሲማይዜሽን ማለት ናይ ሓደ/ሓንቲ ንጽል በጽሒ (ልዕሊ ዕድመ) ናይ መጀመርታ ሓታቲ/ት ዑቕባ ዝኾነ/ት ሓንቲ መደቀሲ ኽፍሊ ምስ ካልኦት ሰባት ናይ ምክፋል ፖሊሲ ኢዩ። (መብዛሕትኡ እዋን ሆቴላት) እዚ ብቤት ጽሕፈት ኣባይትን ናይ ሓተትቲ ዑቕባ መንበሪ ገዛ ዝዕድሉን ዝትግበር ፡ ኩሎም ንጽል በጽሒታት ሓተትቲ ዑቕባ ብዘይካ ናይቶም ምስ ካልኦት ሰባት ንከይካፈሉ ጭቡጥ ምኽንያት ዘለዎም፡ መንበሪ ገዛ ናይ ዑቕባ ደገፍ " ኣማራጺ ዘይብሉ " ኢዩ ዝብል።ስለዚ ብዘይካ ብመሰረት ናይ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ዝወጸ መንበሪ ገዛ ምስ ካልኦት ሰባት ንኸይካፈሉ ዝሕግዝ መለክዒ እቲ ክዋሃበኩም ዝግባእ መንበሪ ገዛ እዚ ጥራይ ኢዩ።



# ብመሰረት ኣሰራርሓ ናይ ማክሲማይዘሽን ኣብ ሓንቲ መደቀሲ ክፍሊ ምስ ካልኦት ሰባት ምክፋል ዘይምልከቶም ሰባት ከመይ ዝበሉ እዮም?

ኣብ ትሕቲ ብዕለት 12 ሓምለ 2023 ዝወጸ መለክዒ ቤት ጽሕፈት ብቑዕ ኣባይቲ ምስ ካልኦት ሰባት ክፍሊ ክካፈሉ (ክዐደሉ) ዘይግደዱ ሰባት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም :

- ትሕቲ 18 ዓመት ወይ ልዕሊ 65 ዓመት ዝኾኑ
- ግዳይ ናይ ዘመናዊ ጊላነት ዝኾኑ
- ተነቀፍቲ ሓተትቲ ዑቕባ ዝኾኑ (ኲነታት ተቐበልቲ ) ብመሰረት መምርሒ 2005-
- ስንኩላን;
- ሽማግለታት;
- ንምግሳስ፡ ንስቅያት፡ ንስነ ኣእምሮኣዊ፡ ኣካላዊን ጾታውን ዓመጽ ተቓሊዖም ዝፈልጡን : ብሰንኪ እዞም ሰለስተ ጉዳያት ፍሉይ ኣቓልቦ ከምዘድልዮም መረጋገጺ ዘለዎም።
- ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ወይ ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎም፡
- ዝተሓላለኸ ጥዕና፡ከም ሕማም ዓባይ ሰዓል ወይ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘለዎም፡ ኣሰካፊ ናይ ኣእምሮ ሕማም ( ዝለዓለ ነብሰ-ቅትለት ናይ ምፍጻም ወይ ንኻልኦት ናይ ምቕታል ተኽእሎ ዘለዎም)፡
- ናይ ረባሺ ባህሪ ዝተሰነደ ታሪኽ ዘለዎም፡
- ምስ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ጉጅለ ገበነኛታት ወጻኢ ጉዳያት ጉዳይ ዘለዎም፡
- ናይ ዑቕባ መሰል ዝተዋሃቦም፡
- ካብዚ ሃገር ክምለሱ ኣብ ትጽቢት ዘለው ወይ ንኽምለሱ ትእዛዝ ዝተዋህቦም
- ተኣላዪ ህጻን ዘለዎም፡

Action For Refugees In Lewisham

# እዚ እንታይ ማለት ኢዩ?

እዚ እንታይ ማለት ኢዩ?
ገለ ኣብነታት (ግን ኣብዚ ዝርዝር ዝተወሰነ ኣይኮነን): መደቀሲ ክፍሊ ምስ ካልኦት ሰባት ምክፋል ነጻ ካብ ዝገብረኩም መለኪዒታ ንምጥቃስ፡

- ካብ ስቅያት ዝደሓንኩም፡ከም ውጺኢቱ ድማ ናይ ምድቃስ ጸገም ዘስዓበ ናይ ጥዕና ኣእምሮ ጸገም ዘለኩም።
- ካብ ትራፊኪንግ ( ዘይሕጋዊ ምዝውዋር ሰባት )ዝደሓንኩም፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ምስ ሃገራዊ መወከሲ ሜካኒዝም ጉዳይ ዘለኩም) (እዚ ድማ ሰራሕተኛ ደገፍ ብመንገዲ ሄስትያ ወይ ሳልቬሽን ኣርሚ ዝተመደበልኩም እንተልዩ ዝምልከት እዩ)
- ናይ ኪኢላ ሓገዝ ዘድልዮ ናይ ጥዕና ኣእምሮ ጸገም እንተለኩም።
- ኣካላዊ ስንክልናን ናይ ምንቅስቓስ ጸገም እንተለኩም ወይ ድኹም ናይ ምክልኻል ሕማም ዘስዕብ ሕዱር ሕማም እንተለኩም።

እዚ ዝርዝር ምሉእ ኣይኮነን። ናይ ነብስ ወከፍ ጉዳይ ዝተፈልየ ኢዩ። ሰባት ምስ ካልኦት መደቀሲ ክፍሊ ንኸይካፈሉ ዝገብሩ ብዙሓት ምኽንያታት ኣለዉ።

## መደቀሲ ክፍሊ ምስ ካልኦት ሰባት ንኸይዋሃበኩም ብኸመይ ትብድህዎ? ወይ ካብዚ ነጻ ክትኮኑ ብምንታይ ከተእምኑ ትኽእሉ?

ምስ ካልኦት ሰባት ገዛ ክትካፈሉ እንተተሓቲትኩም ወይዉን ተኻፊልኩም እንተሃሊኹም ፡ ነዚ ድማ ክትብድህዎ እንተደሊኹም ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ካብ ገዛ ምክፋል ነጻ ዝገብሩ መለኪዒታት ምስ ተማልኡ ጥራይ ኢዩ።እዚ መረጋገጺ ንናይ ስደተኛታት ሓገዝቲን ንናይ መንበሪ ገዛ ዓደልቲን ( ክሊር ስፕሪንግ፡ ሰርኮ ወይ ሚርስ) ክቐርብ ኣለዎ።ናይዚ ሕቶ ኣብነትን መስደዲ ልክዓዊ ናይ ኢማይል ኣድራሻን ኣብዚ ዝቕጽል ገጽ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ሻቕሎትኩም ነቶም ኣብ ታሕቲ(ኣብ ስራሕ) ዘለዉ መንበሪ ገዛ ዝዕድሉ ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ወይ ድማ ሰራሕተኛታት ሆቴል ብዝግባእ ክትገልጹሎም ኣለኩም።ኣብታ ናይ መጀምርያ ዝረኸብኩማ ዕድል ምኽንያትኩም ብግልጺ ከተብርሁሎም ኣለኩም።

ምእንታን ምስ ካልኦት ሰባት መንበሪ ገዛ ከይትካፈሉ ክትብድህዎ፡ኣዝዩ ብቑዕ ዝኾነ ናይ ጉዳይኩም መረዳእታ ከተቕርቡ ኣገዳሲ ኢዩ።ገለ ኣብነት መረዳእታ ናይዚ ደብዳቤ፡ ናይ ሕጊ ኣማኻሪኹም፡ ናይ ኣእምሮ ሓኪምኩም ወይ ጸብጻብ ሕክምና ናይ ሓኪምኩም ኢዩ።

መረዳእታ ክትረኽቡ ኣጸጋሚ ኢዩ። ንኩነታትኩም ዝገልጽ ናይ ሕክምና መረዳእታ እንተደሊኹም ናይ ሓኪም ቆጸራ ክትሕዙ ኣለኩም።ወይድማ ንናይ ሕጊ ኣማኻሪኹም ወይ ንናይ ኣእምሮ ሓኪምኩም ተወከሱ።

ምስ ናይ ደገፍ ስደተኛን ናይ መንበሪ ገዛ ዓደልትን ተራኺብኩም መልሲ እንተዘይተዋሂብኩም ወይ ምስ ካልኦት ገዛ ክትካፈሉ ኢኹም እንተተባሂልኩም፡ ነዚ ንምብዳህ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ሕጋዊ ደብዳቤ ክትልእኹ ትኽእሉ ኢኹም። ነቶም ክድግፍኹም ዝጸንሑ ገበርቲ ሰናይ ኣብዚ ጉዳይ ክሕግዝኹም ዝኽእሉ እንተኾይኖም ኣዘራርብዎም።

# EXAMPLE EMAIL

New Message

Recipients

Subject

Dear Sir/Madam

RE: **[INSERT YOUR NAME, DATE OF BIRTH, HOME OFFICE or PORT REFERENCE NUMBER, COUNTRY OF ORIGIN, ROOM NUMBER and ADDRESS]**

I am writing to you in regard to my current Asylum Support Accommodation room allocation to request that I am **[transferred to / remain in]** a single room. I **[am currently/ have been told that I must]** share a room with another person/s and I am deeply concerned about this.

Under the Home Office Suitability Criteria published on 12th July 2023, I believe that I should not be asked to share a room because [**INSERT REASON WHY YOU SHOULD NOT SHARE A ROOM UNDER THE LIST ABOVE].**

This means that **[INSERT IMPACT OF SHARING A ROOM ON YOU].**

I have provided evidence of the reasons why I do not fit the suitability criteria to share a room, in the form of **[INSERT A DESCRIPTION OF EVIDENCE, e.g a GP Letter, a letter from my psychiatrist].**

I would be grateful for an urgent response within 14 days, by no later than **[INSERT DAY 14 DAYS AWAY]**. If I do not receive a response, I will seek advice on escalating this matter to pre-action correspondence.

Please provide a response to this request directly.

Regards

**[INSERT YOUR NAME]**

Tahoma

Action For Refugees In Lewisham

# EXAMPLE EMAIL IN YOUR LANGUAGE
## TIGRINYA

ዝኸበርክን/ዝኸበርኩም
RE: **[ስምኩም፡ ዕለተ ልደትኩም፡ ናይ ገዛ፡ ቤት ጽሕፈት ወይ ናይ ወደብ መወከሲ ቁጽሪ፡ መበቆል ሃገርኩም፡ናይ መንበሪ ክፍልኹም ቁጽርን ኣድራሻን ኣብዚ ጸሓፉ]** ነዚ ደብዳቤ ዝጽሕፍ ዘለኹ ብዛዕባ ናይ ሕጂ ዘለኒ ናይ ሓተትቲ ዑቕባ ደገፍ መንበሪ ገዛ ናብ ወይ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ **[ክእለ / ክጸንሕ]** ንምሕታት ኢዩ። ኣነ **[ሕጂ/ ቅድሚ ሕጂ ከምዝተነገርኩ ናይ ግድን]** ምስ ካልእ ወይ ካልኦት ሰባት ገዛ ክካፈል ምኳነይ ኢዩ። በዚ ድማ ኣዝየ ተሻቒለ ኣለኹ።

ኣብ ትሕቲ ብዕለት 12 ሓምለ 2023 ዝወጸ መለክዒ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ፡ ምስ ካልኦት ሰባት ገዛ ምክፋል ኣይክእልን ኢየ። ምኽንያቱ [ምኽንያትኩም ኣብዚ ጸሓፉ ንኣብነት ናይ ሓኪም ደብዳቤ፡ ናይ ኣእምሮ ሓኪም ደብዳቤ**]**.

እዚ ማለት **[ምስ ካልኦት ገዛ ብምክፋልኩም ዝፈጥረልኩም ጸገም ብዝርዝር ኣብዚ ጸሓፍዎ]**.

እዚ መለክዒ ምስ ካልኦት ሓንቲ ክፍሊ ምክፋል ናዓይ ከምዘይምልከተኒ መርትዖ ኣቕሪበ ኣለኹ። **[ንመርትዖኹም ዝገልጽ ጽሑፍ ኣብዚ ኣቕምጥዎ, ንኣብነት ናይ ሓኪም ደብዳቤ፡ ደብዳቤ ናይ ኣእምሮ ሓኪም]**.

ኣብ ዉሽጢ 14 መዓልቲ ህጹጽ መልሲ ክትህቡኒ ምስናይ ምስጋንኡ እሓትት።ካብ 14 መዓልቲ ግን ክርሕቕ የብሉን ። **[እተን 14 መዓልታት ኣብዚ ጸሓፍወን]**. መልሲ እንተዘይተዋሂቡኒ ግን ናብ ዝለዓለ ንምብጻሕ ናብ ፕሪ-ኣክሽን ኮረስፐንደንስ (preaction correspondence) ምኽሪ ካሓትት ኢየ።

ብኽብረትኩም ነዚ ሕቶ ቀጥታዊ ምላሽ ሃቡሉ።

ምስ ሰላምታ(Regards)

**[ኣብዚ ስምኩም ጸሓፉ]**

# ናይ ዩኬ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ገዛ ዓደልቲ ማፕ(MAP)




© https://www.gov.uk/

**ኢመይል ዝስደደሉ :** coc@migranthelpuk.org

**ናብ ሓደ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ዓደልቲ መንበሪ ገዛ ስደድዎ**

MEARS: carola.donald@mearshousing.co.uk

serco: aasc.safeguarding@serco.com

Clearsprings Group: lse.safeguarding@ready-homes.com